# እንቋዕ እኳ እቲ ውዕሎ “ብጽሑፍን ድምጽን ተሰኒዱ'ሎ” በልካ።



**ብኢሳያስ ኣስፍሃ።**

መንቀሊ ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ኣቦ-መምበር ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣቶ ወልደኢየሱስ ዓማር ብዕለት 16 ነሓሰ 2010 ዓ.ም ብመልእኽቲ ኣ/መ ቁጽሪ 12 ርእሰ-ጉዳይ እዋናዊ መግለጺ ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ናብ ማእከላይ ባይቶን ስርዒታውያን ሓለፍቲ፤ ኢሉ ዝልኣኾ ዘዋሪ ጽሑፍ ዘመልከተ ኢዩ።

ኣብዚ ጽሑፍ እዚ እቲ ክሱስ ክንሱ ፈራዲ ዝኾነ ኣቶ ወልደኢየሱስ ዓማር ንምድስካለይ ምኽንያት ዝኾነ ኢሉ ናብ መላእ ኣባላት እቲ ሰልፊ ብሓሶት ክዝርግሖ ዝፈተነን ከምኡ ድማ፤ ካብ መሰረታት እቲ ሰልፊ ንምንጻለይ ዘቕረቦ ፈጠራን ምህዞን እናኻዓ ብክዎ ነቲ ሓቂ ከብርህ ክፍትን ኢየ። ነዚ ዘቕርቦ ዘለኹ ብድሆ ንምንጽጻሩ እንተተደልዩ ክኣ እቲ ሰነድ መልእኽቲ ኣቶ ወልደኢየሱስ ዓማር ከም ዘለዎ፤ ኣብ ዝኾነ እዋን ክቐርብ ይክኣል።

ቀጺለ እምባኣር ኣቐዲምና ክንዝክሮ ዝግባኣና ነገር ኣሎ ዝብሎ፤ ንኹሎም ናይ ዓለምና ውልቀ-መለኽቲ ዝጠምሮም ናይ ሓባር ረቛሒ እንተሎ፤ ንዘለዎም ናይ ስልጣን ጥሙሕ ንምዕቃብ፤ ብሓሶትን ፈጠራን ዝነብሩ ምዃኖም ኢዩ። ሕጂ ኸኣ እንሆ ኣብቲ ዝብጻሕ ከይበጽሐ ውልቀ-መላኺ ወልደኢየሱስ ዓማርን ጭፍርኡን ብሓሶትን ጠቐራን ክዕብልኹን ክንገፉን ንርእን ንሰምዕን ኣሎና።

ናብቲ ቀንዲ መዛረቢ ጉዳይ ክምለስ፤ ኣቶ ወልደኢየሱስ ዓማር ኣብ ጸብጻቡ ንዓይ ንምንጻል ዘይበልክዎን ዘይጸሓፍክዎን ኣነ ኣብ ዘየለኹሉ ተመኺሉዩ፤ ናብ መላእ ኣባላት ሰልፊ ብምዝርጋሕ

ጸለሎ ክቐብኣኒ ዝፈተነ፡ እንሆ እዚ ብቐደም ተኸተል ብሰማያዊ ሕብሪ ቀሪቡ ዘሎ ኢዩ።

1, "ነቲ ንሱን ካልኦት ዉሑዳት ኣባላት መሪሕነትን ዝደለይዎ ውሳነ ስለዘይወሰነ "ጉጅላዊ፡ ነጻሊ" ብምባል ሓቅነት ዘይሓዘ ክስታት ኣቕሪቡ።" ክብል ክሕሱ ፈቲኑ። እንቋዕ እኳ እቲ ውዕሎ "<u>ብጽሑፍን ድምጽን ተሰኒዱ'ሎ</u>።" በልካ።

2, "ሓው ኢሳያስ ኣብ ደረጃ መሰረታት ይኹን ኣብ ደረጃ መሪሕነት፡ "ጉጅላውያን ኢኹም ግልጹነት የብልኩምን" ክብል ክሱ ብጽሑፍ ከይተረፈ ኣቕሪቡ።" ብምባል ነቲ ኣብ ኣቦ-መምበር ሰልፍን ደቂ መዛምርቱን ዝኾኑ ገለ ክፉል ፈጻሚ ኣካል ሰልፊ፡ ጉጅላውን ነጻልን ኣስራርሓ ኣሎ ኢለ ዝነቐፍክልዎ፡ ንዑ ሃየ! ኣጻልኡኒ ብዝዓይነቱ፡ እንተላይ ናብ ማእከላይ ባይቶን መሰረታትን ሰልፊ ዝቐንዐ ጌሩ ብምቕራብ ካብኡስ ያእዩ ንምኽሳቦም ተባሂሉለይ ዝቐረበ ፈጠራ እንዲዩ። ይኹን'ምበር ሕጂ'ውን እንቋዕ እኳ እቲ ውዕሎ "<u>ብጽሑፍን ድምጽን ተሰኒዱ'ሎ</u>።" በልካ።

3,"ካልእ ኣብነት ንምጥቃስ፡ ብኣባሃህላ ሓው ኢሳያስ ናብ ኣባላት ባይቶ ኪዳን ዝኸዱ እቶም " ብኣምባሳደር ኣድሓኖም ዝተሓረዩ" መኮነን ሃይለን ሓጅ ዓብደልኑርን እንበር ኣማኑኤል ሃብተን መሓመድ ዓሊ ኢብራሂምን ክኾኑ ኣይነበሮምን ኢሉ" ክብል ዘይተባህለ ውጹእ ሓሶት ኣመሓላሊፉ። እዋእ! ኣንቱም ሰባት! እንታይ ኢና ክንሰምዕ? ቅድም ቀዳድም ኣምባሳደር ኣድሓኖም ዝሓረዮም ዝብሃሉ ዘለዉ ኣነ ኣይፈልጦምን ኢየ፡፡ ድሓር ክኣ ኣምባሳደር ኣድሓኖም ሓርዩ ናይ ምልኣኽ ስልጣን ከምዘይብሉ እትረፍ ኣነ ንነዊሕ እዋን ኣፖሎቲካ ዝተዋሳእኩ ሰብ፡ ዝኾነ መባእታዊ ፖሎቲካዊ ኣፍልጦ ዘለዎ'ውን እንተኾነ ዝፈልጦ እመስለኒ። እንታይ ድኣ'ዩ ዝድለ ዘሎ? በዚ መርዛም መልእኽቲ'ዚ፡ እህም!!! ድሓን፡ "ንለባም ኣምተሉ እንተ ንዓሻንከ ደርጓሓሉ" ኢዩ'ሞ፡ ሕጂ'ውን እንቋዕ እኳ እቲ ውዕሎ <u>"ብጽሑፍን ድምጽን ተሰኒዱ'ሎ"</u> በልካ።

*መደምደምታ፡-*

ኣቶ ወልደኢየሱስ ዓማር ምስ ሓቂ ፊት ንፊት ክትገጥም ትብዓት እንተልዩካ፡ እቲ ዝርዝር ደቓይቕ ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል ብጽሑፍን ድምጽን ተሰኒዱ ከም ዘሎ ሽዑ ኣብ እዋኑ ኣብ ዕለት 03 ነሓሰ 2010 ዓ,ም ኣብ ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል ስለ ዝሓበርካ ሃየ! ንጫበጥ። እንተዘየሎ ከም ኩሎም ውልቀ-መለኽቲ ሓሶት ንግዚኡ ክትሕባእላ እትኽእል ባዓቲ ድኣ'ምበር ኣዳራሽ ኮይና ክትነብረላን ክትሰረላን

**ዘይተኽእል ናይ ድኹማትን ነብሰ-ተኣማንነት ዘጥፍኡ ዕጥቂ ምኳና ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ንሸኻ ትፈልጣ'ሞ ንዓ ድኣ ኣይፋልካን! ኣይትድከም! ኣይትላህልህ!።**

**እምቢ! ንውልቀ መላኽነት!**
**ሓይልና ንምሽቱ`ዩ!**
**ኢ.ሳያስ ኣስፍሃ።**
23 ነሓሰ 2010።